26/04/2009

# ሪፖርታዥ
# ለንደን ማራቶን 2009
# ኣሸሓት ኤርትራውያን ተቐማጦ ለንደን ብዉዕዉዕ መንፈስ ተሳቲፈሞ

ብሰንበት ዕለት 26/04/2009 ኤርትራውያን ተቐማጦ ለንደንን ከባቢኣን ብኣጋጣሚ'ቲ ኣብ ከተማ ለንደን ዝተኻየደ 36 ሺሕ ተወዳደርቲ ዝተሳተፍዎ ናይ ማራቶን ውድድር ምኽንያት ብምግባር ንሰለስተ ዓበይቲ ተወዳደርቲ ኣትሌታት ኤርትራውያን ማለት፣ ንኣትሌት ዘርኢሰናይ ታደሰ፣ ኣትሌት ዮናስ ክፍለን፣ ከምኡውን ኣትሌት መብራህቱ ክፍለዝግን ሞራል ሓፍ ንምባል ኣብ ኩሉ ወሰናስን ናይ'ቲ ውድድር ጽርጊያታት ተሰሪዖም ባንደራ ኤርትራ እናንበልበሉ ምዉቕ ደገፎም ገሊጾምሎም። ኣብቲ ምዉቕ ወኒ ዝዓሰሎ ዓቢ ምስ ንእሽተኣይ ዝተሳተፎ ኻኹሉ ኤርትራዊ ወኑ ሓፍ ዘበለ፣ ንሃገራውነት ናይ ኩሉ ኤርትራዊ ዘረጋገጸን'ውን እዩ ኔሩ።

ቀጺሉ ንምሸቱ ክቡር ኣምባሳደር ሃገረ ኤርትራ ኣብ ብሪጣንያን ኣየርላንድን፣ ኣቶ ተስፋሚካኤል ገራህቱን ካልኦት ተጸዋዕቲ ሓለፍቲ ግንባርን ማሕበረኮም ኤርትራን ኣብ ዝተረኸብሉ ኣብ ኣደራሽ ሳንት መሪ ኣብ ለንደን ናይ ድራር እንግዶትን፣ ብወናማት ደረፍቲ፣ ሄለን መለስን፣ ቴድሮስ ሃብተ፣ ስምኦን ኢሳቕ፣ ኤርትዊ ወኒ ዘበራብር ባህላዊ ምሸት ተኻይዱ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፣ ነቶም ኻኹሉ ኤርትራዊ ወኪሎም ኣብ'ዚ ናይ ለንደን ማራቶን 2009 ዝተዋዳደሩ ተባዓት ኤርትራዊያን ኣትሌታት፣ ብስም ኤርትራዊያን ተቐማጦ ብሪጣንያ ንመዘከርታ ዝኸውን ናይ ዋንጫ ሽልማት፣ ካብ ኢድ ኣምባሳደር ሃገረ ኤርትራ ተቐቢሎም።

ዓውት ንሓፋሽ!
ኣገልግሎት ዜናን ሓበሬታን